ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

# ስነ-ፍልጠት

## ኻልኣይ ክፍሊ

### መጽሓፍ ተመሃራይ

Copyright © Ministry of Education 2009.

All rights reserved; no part of this publication may be reproduced, stored in a retrieval system, or transmitted in any form or by any means, electronic, mechanical, photocopying, recording, or otherwise, without the prior written permission of the publisher.

This book is written by the Ministry of Education, Department of General Education, Curriculum Planning and Development Division.

The Ministry of Education gratefully acknowledges the assistance of the following, and any others who have helped in any way in the preparation of the book:

- Curriculum Core Team members
- Textbook Review Workshop participants
- Consultants
- Editors
- Translators
- Designers
- Illustrators
- DTP staff
- Quality Review committee
- SIL International Inc. for artwork from International Illustrations: The art of Reading, copyright 2001.

Reprinted in 2009 by Sabur Printing Services, Asmara, Eritrea.

**ISBN: 99948-1-109-6**

# ትሕዝቶ


| | |
|---|---|
| 1ይ-ክፋል ቅድታት ምድላይ | 1 |
| 2ይ-ክፋል ኩነታት ኣየር | 16 |
| 3ይ-ክፋል ኣብ ከባቢና ዘለዉ ነገራት | 20 |
| 4ይ-ክፋል ድሌት ሂወታውያን | 29 |
| 5ይ-ክፋል ነገራት | 38 |
| 6ይ-ክፋል ድሕነት ኣብ ከባቢና | 47 |
| 7ይ-ክፋል ማይ ኣብ ገዛ | 58 |

# ሞዕራፍ 1
# ቅድታት ምርኣይ

## ሀ. ኣብ ቀሊል ቻርት ዝርኣዩ ቅድታት

**ቁመት**

ነዞም ርሳሳት ተዓዘቡ።



1 2 3

ንጥፈት፡-

1. ኣየናይ ይነውሕ፧
2. ኣየናይ ይሓጽር፧
3. ኣየናይ እዩ ማእከላይ ቁመት፧
4. እዞም ርሳሳት ማዕረ ቁመት ኣለዎምዶ፧

ነገራት ብቑመት ይፈላለዩ።

ሕብሪ
ነዞም ካምቻታት ተዓዘቡ።

1 

2 

3 

ንጥፈት፥-
1. እዞም ካምቻታት ሕብሮም ሓደ ዓይነት ድዩ፧
2. ሕብሪ ካምቻታት ቊጽሪ 1ን 2ን እንታይ ዓይነት እዩ፧
3. ሕብሪ ካምቻ ቊጽሪ 3 ብኸመይ ትገልጽዎ፧
4. ካልእ እንታይ ዓይነት ሕብርታት ትፈልጡ፧

ነገራት ብሕብሪ ይፈላለዩ።

ግዝፊ
ነዞም መጻሕፍቲ ተዓዘቡ።

መጽሓፍ 1



መጽሓፍ 2



መጽሓፍ 3



ንጥፈት፡-

1. እዞም መጻሕፍቲ ግዝፎም ማዕረ ድዩ፧
2. ኣየናይ ይገዝፍ፧
3. ኣየናይ ይንእስ፧
4. ኣየናይ እዩ ማእከላይ ግዝፊ፧

ነገራት ብግዝፊ ይፈላለዩ።

ቅርጺ

ነዞም ነገራት ተዓዘቡ።













ቅርጺ ናይ ነፍሲ ወከፍ ስእሊ ምግለጽኩምዶ፡

ነገራት ብቕርጺ ይፈላለዩ።

ነዞም ነገራት ተዓዘቡ።



1



2



1



2



1



2

ንጥፈት፡-

1. ሀ) ሓደ ዓይነት ሕብሪ ዘለዎም ነገራት ኣየኖት እዮም፧
   ለ) ክንደይ ሓደ ዓይነት ሕብሪ ዘለዎም ጉጅለታት ምገበርኩም፧ እንታይን እንታይን እዮም፧
2. ሀ) ሓደ ዓይነት ቅርጺ ዘለዎም ነገራት ኣየኖት እዮም፧
   ለ) ክንደይ ሓደ ዓይነት ቅርጺ ዘለዎም ጉጅለታት ክትጉጅሉ ትኽእሉ፧
3. ሀ) ኣየኖት ነገራት እዮም ዓበይቲ፧
   ለ) ኣየኖት ነገራት እዮም ንኣሽቱ፧

ነገራት ብብዙሕ መንገድታት ይፈላለዩ።

ለ. ምክፍፋል ሂወታውያን
ሂወታውያን ኣብ ክልተ ክንጉጅሎም ንኽእል።
ንሳቶም ድማ እንስሳታትን ኣትክልትን እዮም።

ኣብ ከባቢና ዝርከቡ እንስሳታት
ኣብ ከባቢና ብዙሓት እንስሳታት ይርከቡ።
እንስሳታት ዝተፈላለዩ እዮም።
ሽዱሽተ ዓበይቲ ጉጅለታት እንስሳ ክንምድብ ንኽእል።
ንሳቶም ድማ መጥበውቲ፣ ኣዕዋፍ፣ ለመምቲ፣ ሓሰኹ፣ ምድረ-ማያውያንን ዓሳታትን እዮም።








## መጥበውቲ

ነዞም እንስሳታት ርኢኹም ኣስማቶም ስመዩ።








ኩሎም ኣርባዕተ መሓውር ኣለዎም።
ንውላዶም ጸባ የጥብው።
እዞም እንስሳታት መጥበውቲ ይበሃሉ።
ካልኦት ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ መጥበውቲ ስመዩ።

## ኣዕዋፍ

ነዞም እንስሳታት ርኢኹም ኣስማቶም ስመዩ።











እዞም እንስሳታት ክልተ ኣእጋር ኣለዎም። መንፈርፈር፡ ክንቲትን መትኮብን ኣለዎም። መብዛሕትኦም ኣዕዋፍ ይነፍሩ እዮም። ሰገንን ደርሆን ግን ኣይነፍሩን እዮም።

እዚኦም እንስሳታት ኣዕዋፍ ይበሃሉ።

ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ካልኦት ኣዕዋፍ ስመዩ።

**ለመምቲ**

**ነዞም እንስሳታት ርኢኹም ኣስማቶም ስመዩ።**







እዚኣቶም ዝንፋሓኹ እንስሳታት እዮም።
ገለ ካብኣቶም ኣርባዕተ ኣእጋር ኣለዎም።
ኣትማን ግን ኣእጋር የብሎምን።
እዞም እንስሳታት ለመምቲ ይበሃሉ።
ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ካልኦት ለመምቲ ስመዩ።

ሓሳኹ

ነዞም እንስሳታት ርኢኹም ኣስማቶም ስመዩ።









ኩሎም እዞም እንስሳታት እዚኦም ሾሽዱሽተ ኣእጋር ኣለዎም።
ገለ ካብኣቶም መንገብገብ ኣለዎም።
ገሊኦም ግን መንገብገብ የብሎምን።
ገሊኦም ይናኸሱ፣ ገሊኦም ግን ኣይናኸሱን እዮም።
እዞም እንስሳታት እዚኦም ሓሳኹ ይበሃሉ።
ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ካልኦት ሓሳኹ ስመዩ።

ምድረ-ማያውያን
ነዞም እንስሳታት ርኢኹም ስመዩዎም።







እዞም እንስሳታት ኣብ ማይን መሬትን ይነብሩ።
እዞም እንስሳታት ምድረ-ማያውያን ይበሃሉ።
ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ምድረ-ማያውያን ስመዩ።

ዓሳታት

ነዞም እንስሳታት ርኣይዎም።









እዞም እንስሳታት ኩሉ ግዜ ኣብ ማይ ይነብሩ።
ካብ ማይ እንተወጹ ይሞቱ።
እዞም እንስሳታት እዚኦም ዓሳታት ይበሃሉ።

## ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ኣትክልቲ

ኣብ ከባቢና ብዙሓት ዓይነት ኣትክልቲ ኣለዉ። ኣግራብ፡ ቆጥቋጥ፡ መስፋሕፋሕቲ ተባሂሎም ድማ ይጉጀሉ።

## ኣግራብ

ነዞም ኣግራብ ተመልከቲትኩም፡ ኣስማቶም ስመዩ።









እዞም ኣትክልቲ ዓበይትን ነዋሕትን እዮም።
ተሪር ጉንዲ ድማ ኣለዎም።
ኣብ መሬት ትኽ ኢሎም ይቖሙ።
እዞም ኣትክልቲ እዚኦም ኣግራብ ይበሃሉ።
ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ኣግራብ ስመዩ፡

## ቆጥቋጥ
## ነዞም ኣትክልቲ ርኣይዎም።






**እዚኦም ኣትክልቲ ኣዝዮም ነዋሕቲ ኣይኮኑን።**
**ናብ ማእከላይ ቁመት ይዓብዩ።**
**ረጒድ ጉንዲ የብሎምን።**
**ከምዚኦም ዓይነት ኣትክልቲ ቆጥቋጥ ይበሃሉ።**
**ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ቆጥቋጥ ስመዩ።**

መስፋሕፋሕቲ
ነዞም ኣትክልቲ ርኣይዎም።








እዞም ኣትክልቲ ዝጠዋወ ጉንዲ ኣለዎም። ኣብ መሬት ትኽ ኢሎም ክቖሙ ኣይክእሉን። ኣብ ካልኦት ኣግራብን መናድቕን ይድይቡ። ኣብ መሬት ድማ በጥ ይብሉ። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣትክልቲ መስፋሕፋሕቲ ይበሃሉ።

ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ መስፋሕፋሕቲ ስመዩ።

# ምዕራፍ 2
# ኩነታት-ኣየር

**ኣብዞም ዝስዕቡ ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧**









**ንነፍሲ ወከፎም ግለጽዎም።**
**ኣብዛ ዘለኹማ ግዜ እንታይ ዓይነት ኩነታት ኣየር ኣሎ፧**

ንፋስ ይነፍስ ከምዘሎ ዘርእዩ ኣርባዕተ ነገራት እነህለዉ።









ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስእሊ እቲ ንፋስ ናበይ ገጹ ይነፍስ ኣሎ፧

መኣዝን ንፋስ ብኸመይ ትነግሩ፧
ዊንድ-ቨይን ርኢኹም ትፈልጡዶ፧
ከምዚ ኣብ ስእሊ ዘሎ ጌርኩም ዊንድ-ቨይን ስርሑ።




መጠን ዝናብ ብኸመይ ትዕቅንዎ፧
ከምዚ ኣብ ስእሊ ዘሎ ጌርኩም ረይን-ገጅ ስርሑ።



1. ነዚ ሰንጠረዥ ቀዲሕኩም፥ ናይዚ መዓልቲ ኩነታት ኣየር መዝግቡ።

| ግዝያት | ንግሆ | ቀትሪ | ምሸት |
|---|---|---|---|
| ኩነታት ኣየር | ዝሑል | ውዑይ | ዝሑል |

2. ንንፋስ ደበናን ዝናብን ድማ ኣብ ተመሳሳሊ ሰንጠረዥ ምልእዎም፡ ነቲ ሰንጠረዥ ድማ ከከም ኩነታት ኣየሩ ርኢኹም ኣሎ/የለን እናበልኩም ምልእዎ።

| ግዝያት | ንግሆ | ቀትሪ | ምሸት |
|---|---|---|---|
| ንፋስ | | | |
| ደበና | | | |
| ዝናብ | | | |

3. ሰሙናዊ መጠን ዝናብ ዓቅኑ።

| ዓቕን ማይ | ሰኑይ | ሰሉስ | ረቡዕ | ሓሙስ | ዓርቢ | ድምር |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1ይ ሰሙን | | | | | | |
| 2ይ ሰሙን | | | | | | |

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሰሌዳ እንታይ ከተንብቡ ትኽእሉ፡
ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሓበሬታታት ሰሌዳ ኩነታት ኣየር ይበሃሉ።

# ምዕራፍ 3
## ኣብ ከባቢና ዘለው ነገራት

**ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ነገራት እንታይ እንታይ እዮም፧**













**ኣብ ከባቢና ዝተፈላለዩ ነገራት ኣለዉ። ሂወታውያንን ዘይሂወታውያንን ተባሂሎም ድማ ይምቀሉ።**

ንጥፈታት፧–
ኣብ ኣንጻር ገጽ ዘሎ ስእልታት ተመልከቱ። ነፍሲ ወከፍ ስእሊ ሂወታዊ ድዩ ዘይሂወታዊ ተመያየጡሉ። ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ክፋል ቀዲሕኩም እቲ ቅኑዕ ስም ናይቲ ስእሊ ኣብ ትሕቲ ዝምልከቶ ኣርእስቲ ጸሓፍዎ።

| | ሂወታውያን | ዘይሂወታውያን |
|---|---|---|
| 1. | __________ | __________ |
| 2. | __________ | __________ |
| 3. | __________ | __________ |
| 4. | __________ | __________ |
| 5. | __________ | __________ |

**መለለዪ ጠባያት ሂወታውያን**
**ኣብዞም ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧**







**ህጻን ናብ ኣኹል ሰብ ይዓቢ።**
**ጬቕኊት ናብ ደርሆ ትዓቢ።**
**ቡቕሊ ናብ ተኽሊ ትዓቢ።**
**ሂወታውያን ይዓብዩ እዮም።**

ኣብዞም ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧








ደርሆ እኽሊ ትለቅም ኣላ።
ላም ሳዕሪ ትበልዕ ኣላ።
ጤል ኣቑጽልቲ ገረብ ትጠጥም ኣላ።
ሰብ ማይ ይሰቲ ኣሎ።
ኣድጊ ማይ ይሰቲ ኣሎ።
ኣትክልቲ ማይ ካብ መሬት ይወስዱ።

ሂወታውያን ንኽዓብዩ ማይን መግብን የድልዮም።

ኣብዞም ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧





እንስሳታት ኣየር የስተንፍሱ።
ኣትክልቲ ኣየር የድልዮም።
ሂወታውያን ብርሃን ካብ ጸሓይ ይረኽቡ።
ሂወታውያን ኣየርን ብርሃንን የድልዮም።

ኣብዞም ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧
እዞም እንስሳታት ብኸመይ ይንቀሳቐሱ፧













እዛ ዑፍ ብምንፉር ትንቀሳቐስ።
እዛ እንቁርዖብ ብምዝላል ትንቀሳቐስ።
እዚ ከልቢ ብምጉያይ ይንቀሳቐስ።
እዚ ተመን ብምንፉሓኽ ይንቀሳቐስ።
እዞም ቆልዑ ብምስጓም ይንቀሳቐሱ።
እዞም ዓሳታት ብምሕንባስ ይንቀሳቐሱ።
ሂወታውያን ብገዛእ ርእሶም ይንቀሳቐሱ።

ኣብዞም ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧









ሰብኣይን ሰበይትን ቆልዑ ይወልዱ።
ድሙ ዕዋል ትወልድ።
እዞም እንስሳታት እዚኦም ነቶም ንኣሽቱ ይወልድዎም።
ሓደ ሓደ እንስሳታት እንቋቑሖ ይወልዱ።
ደርሆ እንቋቑሖ ትወልድ። እቶም እንቋቑሖ ናብ ጨቓዊት ይጭጭሑ።
ኣትክልቲ ዘርእን ፍረታትን የፍርዩ።
ሂወታውያን ይፋረዩ እዮም።

ኣብዞም ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧









ሕቶታት፡-

1. ንስኻትኩም ሂወታውያን ዲኹም፧
2. ሂወታውያን ምዃንኩም ብኸመይ ትፈልጡ፧

መለለዪ ጠባያት ዘይሂወታውያን

1. ዘይሂወታውያን ይዓብዩዶ፧
2. ዘይሂወታውያን መግብን ማይን ይደልዩዶ፧
3. ዘይሂወታውያን ኣየርን ብርሃንን ይደልዩዶ፧
4. ዘይሂወታውያን ባዕሎም ይንቀሳቐሱዶ፧
5. ዘይሂወታውያን ይፋረዩዶ፧
6. ዘይሂወታውያን ይስምዖምዶ፧







# ምዕራፍ 4
# ድሌታት ሂወታውያን
## ሂወታውያን ንኽነብሩ እንታይ የድልዮም፡



እንስሳታትን ኣትክልትን ማይ፣ መግቢ፣ ኣየርን ብርሃንን የድልዮም። ሂወታውያን ንኽነብሩ ማይ፣ መግቢ፣ ኣየርን ብርሃንን የድልዮም።

ንጥፈት፡-
ኣፍኩምን ኣፍንጫኹምን ንዓሰርተ ካልኢት ጥራይ ሕተምዎ።
ድሕሪ ዓሰርተ ካልኢት ኣፍኩምን ኣፍንጫኹምን ክፈትዎ።
ካብ ዓሰርተ ካልኢት ክትሓልፉ ኣይግባእን።
ሕሙማት ነዚ ንጥፈት እዚ ኣይስርሕዎ።

1. ኣፍኩምን ኣፍንጫኹምን ምስ ሓተምኩሞ እንታይ ተሰሚዑኩም፧
2. ኣየር ደሊኹምዶ፧
3. መግቢ፡ ማይ፡ ኣየርን ብርሃንን እንተዘይረኺብኩም እንታይ ምኾንኩም፧



ኣትክልቲ መግቢ፣ ማይ፣ ኣየርን ብርሃንን ብኸመይ ይረኽቡ፧



ኣትክልቲ ማይ ካብ ሓመድ ይወስዱ።
ኣትክልቲ ኣየር ካብ ከባቢኦም ይወስዱ።
ኣትክልቲ ብርሃን ካብ ጸሓይ ይወስዱ።
ኣትክልቲ ኣየርን ብርሃንን ብኣቑጽልቶም ይወስዱ።
ኣትክልቲ ካብ ማይ ኣየርን ብርሃንን መግቦም ይሰርሑ።

**እንስሳታት ማይ፣ ኣየርን ብርሃንን ብኸመይ ይረኽቡ፧**











**እንስሳትት ማይ ካብ ዝተፈላለየ ምንጭታት ይሰትዩ።**
**እንስሳታት ኣየር ብኣፍንጭኦም ብምስትንፋስ ይወስዱ።**
**እንስሳታት ብርሃን ካብ ጸሓይ ይረኽቡ።**

እንስሳታት መግቦም ብዝተፈላልየ መንገዲ ይረኽቡ።
ነዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ተዓዘቡ።
ኣብነት 1፡- ኣብዚ ስእሊታት እንታይ ትዕዘቡ፧



ሓደ ሓደ እንስሳታት ኣትክልቲ ጥራይ ይምገቡ። እዞም እንስሳታት እዚኣቶም በላዕቲ ኣትክልቲ (ሳዕሪ) ይበሃሉ።
ካልኦት ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ በላዕቲ ኣትክልቲ ስመዩ።

ኣብነት 2፥-
ኣብዞም ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧



ሓደ ሓደ እንስሳታት ንኻልኦት እንስሳታት (ስጋ) ጥራይ ይምገቡ።
እዞም እንስሳታት እዚኣቶም በላዕቲ ስጋ ይበሃሉ።
ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ካልኦት በላዕቲ ስጋ ዝኾኑ እንስሳታት ስመዩ።

ኣብነት 3፡-
ኣብዚ ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧





ሓደ ሓደ እንስሳታት ኣትክልትን ካልኦት እንስሳታትን ክልቲኦ ይምገቡ።
እዞም እንስሳታት በላዕቲ ኣትክልትን (ሳዕርን) እንስሳታትን (ስጋን) ከኣ ይበሃሉ።
ካብ ከባቢኹም ካልኦት በላዕቲ ሳዕርን ስጋን ዝኾኑ እንስሳታት ስመዩ።

## ሕድሕዳዊ ምምርኻስ ሂወታውያን ብኸመይ ይካየዱ፧











ሂወታውያን ኣብ ነንሕድሕዶም ይመራኸሱ።
ኣብ መንጎ ሂውታውያን ናይ መግቢ ዝምድና ኣሎ።

## ኣብዚ ስእልታት እንታይ ትዕዘቡ፧



1. ሳዕሪ ⟶ በጊዕ ⟶ ወኻርያ



2. ዕፉን ⟶ ደርሆ ⟶ ሰብ



3. ተኽሊ ⟶ ኣንበጣ ⟶ ጭሩ ⟶ ንስሪ

## ንጥፈታት

1. ኣብዞም ላዕለዎት ሰለስተ ዝምድናታት መግቢ ተመልከቱ። ብእንስሳታትዶ ይጅምሩ፧
2. በቶም ኣብ ገጽ 36 ዘለዉ ስእልታት ዘትዩ። ዝኾኑ ክልተ ዝምድናታት መግቢ ካብቶም ስእልታት ኣርእዩ።

# ምዕራፍ 5
# ነገራት

ነፍሲ ወከፍ ኣብዚ ዘሎ ኣቕሓ ብምንታይ ዝተሰርሐ እዩ፧











ኩሉ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ኣቕሓ ካብ ሓደ ነገር ዝተሰርሐ እዩ።
ንኣብነት፡-
ጣውላ መብዛሕትኡ ግዜ ብዕንጨይቲ ይስራሕ።
መስማር ብሓጺን ይስራሕ።
ዕንጨይቲ፡ ሓጺን፡ ፕላስቲክ፡ ጥርሙስን እምንን ነገራት ይበሃሉ።
ነገራት ኣቑሑት ንምስራሕ ንጥቀመሎም።

## እምኒ ንምንታይ ይጠቅም፡





ኣእማን ተረርቲ ነገራት እዮም።
ኣብ ዝኾነ ቦታ ድማ ንረኽቦም።
ኣእማን ብሕብሮም፡ ብግዝፎም፡ ብኣሰራርሖምን ብቕርጾምን ክፈላለዩ ይኽእሉ።

## ዕንጨይቲ ካብ ምንታይ ይርከብ፧



ዕንጨይቲ ኣብ ብዙሕ ከባቢ ብቐሊሉ ዝርከብ ነገር እዩ።
ዕንጨይቲ መንበር፣ ጣውላ፣ ገዛውትን ካልኦት ብዙሓት ኣቑሑትን ንምስራሕ ይጠቐመና።
ካልኦት ጥቕምታት ዕንጨይቲ ዘርዝሩ።

ሓጺን ንምንታይ ይጠቅም፡









ሓጺን ዝወተር ነገር እዩ።
ሓደ ካብ ባህርያት ሓጺን፥ ሓጺን ተሪርን ድልዱልን ብምዃኑ እዩ።

ጥርሙስ ንምንታይ ይጠቅም፧







ሓደ ካብ ባህርያት ጥርሙስ፡ ጥርሙስ ኣሕሊፉ ዘርእን ብቐሊሉ ዝስበርን ብምዃኑ እዩ።

## ፕላስቲክ ንምንታይ ይጠቅም፡








ፕላስቲክ ተሪር ወይ ፎኪስ ክኸውን ይኽእል። ኣብ መሬት ምስ ዝወድቕ ድማ ኣይስበርን እዩ።

ነዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ መናብር ተምልከቱ።
ብኸንደይ ዝተፈላለዩ ነገራት ዝተሰርሑ እዮም፡



ሓደ ኣቕሓ ካብ ሓደ ዓይነት ነገር ክስራሕ ይኽእል።



ሓደ ኣቕሓ ካብ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ነገራት ንላዕሊ እዉን ክስራሕ ይኽእል እዩ።

ንጥፈት፡-
ብሽክሌታ ንምስራሕ ዝተፈላለዩ ነገራት ንጥቀም። ገለ ካብዞም ብሽክሌታ ዝተሰርሓትሎም ነገራት ክትሰምዩዶ ትኽእሉ፡



# ዝኾነ ኣቕሓ ክትሰርሑ እንታይ ዓይነት ነገር ክትጥቀሙ ኢኹም፧




**ነገራት ዝተፈላለዩ ጠባያት ኣለዎም።
ሓደ ኣቕሓ ክንሰርሕ ምስ እንደሊ መጀመርያ ጠባይ ናይቲ እንሰርሓሉ ነገር ክንፈልጥ ይግበኣና።
ባህርያት ናይዞም ንሰርሓሎም ነገራት ምፍላጥ ስለምንታይ ንዝተፈላለዩ ኣቑሑ ንምስራሕ ከምእንግልገለሎም ንምፍላጥ ይሕግዘና።**

ጠባያት ናይ ነገራት
ስለምንታይ ነገራት ንገለ ኣቑሑ ከምእንሰርሓሎም ንምርኣይ ጠባያቶም ንተዓዘብ።

እዞም ኣቑሑ እዚኦም ብምንታይ ተሰሪሖም፡ ንምንታይከ የገልግሉ፡




ንመብሰሊ መግቢ ዘገልግሉ ኣቑሑ መብዛሕትኡ ግዜ ብመሬትን ሓጺንን ይስርሑ።
ዝበዝሑ ሰባት ብሓጺን ዝተሰርሐ ኣቕሓ ይመርጹ። ምኽንያቱ ብሓጺን ዝተሰርሐ ኣቕሓ ድልዱልን ረጒድን ስለዝኾነ። ብተወሳኺ ብቐሊሉ እውን ስለዘይስበር።

መላመዲ፥-

1. ኣብ ግዜ ዝናብ ኣየናይ መግዝኢ ኣስቤዛ ቦርሳ ትመርጹ፥ ብወረቐት ዝተሰርሐ ቦርሳዶ ብፕላስቲክ ዝተሰርሐ፧ ስለምንታይ፧

2. መጻወቲ ትነፍር ነፋሪት ኪትሰርሑ ምስ እትደልዩ ኣየናይ ነገር ምመረጽኩም፥ ዕንጨይቲዶ ወረቐት፧ ስለምንታይ፧

# ምዕራፍ 6
# ጥንቃቐ ኣብ ከባቢና

## ጽርግያ ብጥንቃቐ ምስጋር

ከመይ ጌርኩም ብጥንቃቐ ትሰግሩ፧
መኣስ ጽርግያ ኪትሰግሩ ኣለኩም፧
በየናይ ኢኹም ጽርግያ ኪትሰግሩ ዘለኩም፧





መገዲ ቅድሚ ምስጋርኩም የማንን ጸጋምን ርኣዩ። ድሓን ምዃኑ ምስ ኣረጋገጽኩም፣ እናሰጎምኩም ኪዱ እምበር ኣይትጉየዩ። ክሳብ መወዳእታ ትሰግሩ ርኣዩ፣ ጽን በሉን ኣስተብህሉን። በቲ ንመሳገሪ ዝተዳለወ ጽርግያ ተሳገሩ።

ሓደጋታት ካብ እንስሳታት
ነዞም ስእልታት ርአዩ።
እዞም እንስሳታት እዚኣቶም ጠቓምትና ድዮም፧
ኣየኖት እንስሳታት እዮም ጠቓምትና፧
ኣየኖት እንስሳታት እዮም ጎዳእትና፧









ሓደ ሓደ እንስሳታት ጠቓምትና እዮም።
ሓደ ሓደ እንስሳታት ግን ጎዳእትና እዮም።

ነዞም ስእልታት ርኣዩ።
ካብዞም እንስሳታት ዝወርዱ ሓደጋታት እንታይ እዮም፧







ኣትማንን ዕንቅርቢትን መርዛማት እንስሳታት እዮም።
ዕቡድ ከልቢ ሓደገኛን ተናኻሳይን እዩ።
ኣእዱግን ኣብዑርን ክረግሑናን ኪጎድኡናን ይኽእሉ እዮም።
ንእንስሳታት ኣይነሕርቆም።

ሓደጋታት ካብ ማይ
ኣበይ ትጻወቱ፧
ኣብ ጥቓ ማይ ምጽዋት ድሕነት ኣለዎ፧
ስለምንታይ፧
ኣብ ጥቓ ወሓዚ ምጽዋት ድሕነት ኣለዎ፧
ስለምንታይ፧
ኣብ ጥቓ ክፉት ዒላታት ምጽዋት ድሕነት ኣለዎ፧ ስለምንታይ፧



ኣብ ጥቓ ወሓይዝን ክፉት ዒላታትን ፈጺምኩም ኣይትጻወቱ።

ሓምድን በርሀን ኣዕሩኽ እዮም።
ኣብ ጥቓ ሓደ ዓቢ ሓጽቢ ትርከብ ዓዲ ይነብሩ።
ሓደ መዓልቲ በርሀ ንበይኑ ኣብቲ ሓጽቢ ክሕንብስ ኣተወ።
በርሀ ክሕንብስ ስለ ዘይካኣለ ድማ ክጠልቕ ደልዩ ዒቕ-ዒቕ በለ።
ሓምድ ብጥቓ እቲ ሓጽቢ ንቤት-ትምህርቱ ይኸይድ ነበረ።
ብሃንደበት ከኣ በርሀ ይጠልቕ ከምዝነበረ ርኣዮ።
ሓምድ ንበርሀ ስሒቡ ከውጽኦ ኣይከኣለን።
ዓው ኢሉ ድማ ኣእወየ።
ክልተ መንእሰያት ነቲ ኣውያት ሰሚዖም ኣብቲ ሓጽቢ ኣትዮም ንበርሀ ኣድሓንዎ።
ሓምድ ንቤት-ትምህርቲ ደንጕዩ ኣተወ።
ሓምድ መደንጎይኡ ምኽንያት ገሊጹ ንመምህሩ ይቕረታ ሓተተ።
እታ ናይ ስነ-ፍልጠት መምህሩ ድማ “ጽቡቕ ስራሕ ሰሪሕካ” ብምባል ኣመስገነቶ።



ሓምድ ንበርሀ ከድሕን እንታይ ክገብር ነይርዎ፧
ምስቲ ሓምድ ዝገበሮ ትሰማምዑዶ፧
ንፋዓት ሓምበስቲ ዲኹም፧
ኣብ ትሕንብስሉ እዋን እንታይ ሕግታት ድሕነት ክትክተሉ ኣለኩም፧

ሓደጋታት ካብ ሓዊ

ነዞም ስእልታት ረአዩ።

ኣብዞም ስእልታት እንታይ ትርእዩ፧

ከመይ ገርኩም ሓዊ ተጥፍኡ፧

ሓዊ ከተጥፍኡ ከለኹም እንታይ ጥንቃቐታት ክትገብሩ ኣለኩም፧








ገዛውትን ሰባትን ብሓዊ ክሉዱ ይኽእሉ እዮም።
ሓደጋ ሓዊ ምስ ዘጋጥም ክሕግዝኹም ንዓበይቲ ሰባት ጸውዑ።
ብሓውን ኣብ ጥቓ ሓውን ኣይትጻወቱ።

መልስታት ንህጹጽ ረዲኤት ዘድልዮም ኩነታት
ሓደጋ ኣጋጢምዎ ዝፈልጥ ኣሎዶ፡
እንታይ ዓይነት ሓደጋዩ ነይሩ፡
ኣበይከ ኣጋጢሙ፡
ድሕሪቲ ሓደጋ ህዝቢ እንታይ ስጉምቲ ወሲዱ፡

1. ሓደ ሰብ ኣብ ጽርግያ ሓደጋ እንተኣጋጢምዎ እንታይ ክትገብሩ ይግባእ፡



ኣብ ጽርግያ ሓደጋ ምስ ዘጋጥም ንወለዲ ወይ መማህራን ንገሩ።

2. ሓደ ሰብ መንከስቲ መርዚ እንተኣጋጢምዎ እንታይ ክትገብሩ ይግባእ፧



ነታ ዝተነኽሰት ክፋል (ኢድ ወይ እግሪ) ኣይተንቀሳቕስዋ።

3. ሓደ ሰብ ክጥሕል እንተጀሚሩ እንታይ ክትገብሩ ይግባእ፧





ካልኦት ሰባት ብምጽዋዕ ካብ ምጥሓል ኣድሕንዎ።

4. ከመይ ጌርኩም ባርዕ ሓዊ ተጥፍኡ፧



ንበይንኹም ኮይንኩም ባርዕ ሓዊ ኣይተጥፍኡ።

# ምዕራፍ 7
# ማይ ኣብ ገዛ

ነዞም ኩሎም ፈሰስቲ ርኣይዎም፡








ካብ ኩሎም ፈሰስቲ ብዝያዳ ንኽንነብር ዘድልየና ማይ እዩ። ስለምንታይ፡
ማይ ኣብ ገዛ ንምንታይ ንጥቀመሉ፡

ብዙሕ ዝናብ ስለ ዘይንረክብ ማይ ክንዕቅብ ኣሎና።



ከመይ ጌርና ኢና ኣብ ገዛና ማይ ንዕቅብ፡ ማይ ዝናብ ክንእክብ ኣሎና።
ኣብ ገዛና፥ ማይ ብግቡእ ክንጥቀመሉ ኣሎና።
ማይ ብሸንቱ ኣይነባኽን።

ማይ ከመይ ጌርና ንኽዝን፧













ነዞም መዕረፊ ስመይዎም።
እቲ እንስትዮን መግብና እንሰርሓሉን ማይ ብጥንቃቐን ጽሬትን ክንሕዞ ኣሎና።

ማይ ብኸመይ ይብከል፡



ካብዚ ስእሊ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ወይ እንስሳ ዝገብሮ ንጥፈት ንገሩ።
ካብ ረሳሕ ማይ ኪመጹ ዝኽእሉ ሕማማት ጥቐሱ።

ከመይ ጌርና ዉሑስ ዝስተ ማይ ነዳሉ፡



ማይ ምፍላሕ፥ ንምስታይ ዉሑስ ይገብሮ።